# ጉባኤ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን

## ቤት ጽሕፈት ዜና
## ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን
29.05.2006

ማእከላይ መሪሕነት ካብ 25 ሚያዝያ ክሳብ 4 ግንቦት 2006 ኣብ ዘካየዶ ዓመታዊ ኣኼባኡ፡ ጠቕላላ ጉባኤ ኪዳን ኣብ ውሽጢ'ዘን ስዒበን ዝመጻ ሸሞንተ ኣዋርሕ፥ ወይ ድማ ቅድሚ ምዝዛም ናይ'ዚ ዓመት'ዚ ክግበር ከምዝለዎን፤ ከምኡ ውን፡ ዓቓን ተሳተፍቲ ጉባኤ፡ ካብ ብዝሒ ናይ'ቲ ህልዊ ቊጽሪ ማእከላይ መሪሕነት ብዕጽፊ ወይ ካብኡ ንላዕሊ ክዛይድን፤ ኤርትራውያን ናይ ዜና ማዕከናትን ናይ ሰብኣዊ መሰላት ተጣበቕቲ ማሕበራትን ናይ መጽናዕቲ ማእከላትን ካልኦት በርገሳውያን ማሕበራትን ከም ተዓዘብቲ ክሳተፍዎን ወሲኑ።

እዚ ውሳኔ'ዚ፡ ኣብ ጉዕዞ ናይ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ዓቢ ስጉምቲ ንቕድሚት ምዃኑ ዘይከሓድ'ዩ። ምኽንያቱ ድማ፡ ኣብ ሃገራዊ ምሕዝነት ኤርትራ ይኹን ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን፡ ክሳዕ ሕጂ ነቲ ላዕለዋይ ወይ ማእከላይ መሪሕነት መደብ ስራሕ ዝህብን ዝቖጻጸርን ዝግምግምን ኣካል ኣይጸንሐን። ላዕለዋይ ይኹን ማእከላይ መሪሕነት፡ ባዕሉ መደባት ስርሑ ከውጽእን፡ ባዕሉ ንነብሱ ክግምግምን ክቆጻጸርን ኢዩ ጸኒሑ። ከምኡ ውን፡ ኣብ ኣኼባታት ሃገራዊ ምሕዝነት ይኹን ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ክሳዕ'ዚ እዋን'ዚ ክሳተፉ ዝጸንሑ መራሕቲ'ቲ ምሕዝነት ወይ ኪዳን ዝኾኑ ባእታታት ጥራሕ ደኣምበር፡ ካልኦት ናጻ ዝኾኑ ኣካላት ክሳተፍዎ ኣይጸንሑን።

ስለ'ዚ፡ እዚ ውሳኔ'ዚ፡ ብሓደ ሸነኽ፡ ነቲ ኣብ ቅርጻ ኪዳን ጉዲሉ ዝጸንሐ ኣገዳሲ ባእታ (ጉባኤ) ዝምልእ ክኸውን እንከሎ፤ ብኻልእ ሸነኽ ድማ፡ ካብ ኪዳን ወጻኢ ዝኾኑ ናጻ ሸነኻት ኣብ'ቲ ጉባኤ ምስታፎም ንግሉጽ ኣሰራርሓ ዘተባብዕን፤ ዝተፈላለዩ፡ ርእይቶታት ክተኣናገዱ ዕድል ዝኸስትን ስለዝኾነ ኢዩ። ኣብ ርእስ'ዚ፡ ኣብ ኣኼባታት ኪዳን ዝሳተፉ ተዓዘብቲ፡ ከም መሰኻኽር ኰይኖም፡ ብዛዕባ'ቲ ኣኼባ ክዛረቡ መሰል ስለዝህልዎም፥ እቲ ደድሕሪ ነፍስወከፍ ኣኼባ ዝናፈስ፡ መብዛሕትኡ ካብ ሓቂ ዝረሓቐን ኣብ ፖለቲካዊ ሕሳባትን ጸቢብ ረብሓታትን ዝተመርኰሰን ዝተፈላለየ ገለጻታትን ክስታትን ውን ክንክዮ ይኽእል ኢዩ። ብኻልእ ኣዘራርባ፡ ቀስ ብቐስ፡ ባይታ ናይ ሕሽኽሹኽ እናተጻበበ፡ ግሉጽነት ድማ እናሰፈነ ንምኻድ ዝሕግዝ ክኸውን ኢዩ።

ብኻልእ ሸነኽ፡ ጉባኤታት ከም ዓበይትን ኣገደስትን ስትራተጂያዊ ጉዳያት ዝለዓልሉ መድረኽ መጠን፡ ካብ ኣብ ንኣሽቱን ቀንጢ መንጢን ጉዳያት ምውጣጥ ወጺእና፡ ንመጻኢ ዕድል ህዝብን ሃገርን ኣብ ዘገድሱ ጉዳያት ጥራሕ ከነትኵርን ክንላዘብን፤ ፍልልያትና ይኹን ሓድነትና ውን ብኡ መጠን ከነነጽርን ኽኽእሉና ኢዮም።

ኣብ'ዚ ተመዲቡ ዘሎ ጉባኤ ናይ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን፡ ክለዓሉ ከም ኣጀንዳ ተታሒዞም ዘለዉ ጉዳያት፡ ቻርተርን ቅዋምን (ውድባዊ መደብ-ዕዮ) እተመጣጠነ ውክልናን መዐቀኒ ኣባልነትን...ወዘተ ዝብሉ ኢዮም። ነፍስወከፍ ውድብ፡ ኣብ'ዚ ጉዳያት'ዚ ዘለዎ ኣርኣእያ ብጽሑፍ ከነጽርን ምስ ካልኦት ውድባት ብግልጽነት ክዛረበሉን ኣዝዩ ዕዙዝ ዝኾነ ኣገዳስነት ኣለዎ። ከምኡ ውን፡ ኣብ ምሕያልን ምጕልባትን ናይ ኪዳን ዝኣምኑን፥ ኣብ ዕላማታቱ ረብሓ ዘለዎምን ሸነኻት፡ ኣብ'ዚ ጉዳይ'ዚን ካልእን ርእይቶታትምን ምኽሮም ክልግሱን መጽናዕትታቶም ከቕርቡን ሓላፍነቶምን መሰሎምን ምዃኑ ፈሊጦም፡ ምስ ኣባላት ውድባት ኪዳን ብሓፈሻ፡ ምስ ኣሰናዳኢት ሽማግለ ጉባኤ ድማ ብፍላይ፡ ቀጻሊ ናይ ሓሳብ ንሓሳብ ናይ ምልውዋጥ ርክብ ክህልዎም ይግባእ። ኣብ ጉባኤ ዝረጋገጽ ዓወት ውጽኢት ናይ'ቲ ካብ ሕጂ ጀሚርና እናካይዶ ጻዕሪ ስለዝኾነ፡ ግዜ ኣሎና፡ ነርክበሉ ከይበልና ካብ ሕጂ ብትግሃት ክንሰርሓሉን ክንጐየሉን ክንረዳድኣሉን የድሊ።